# መደረ ሚኒስተር ኣረፋይነ በርሀ

# ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን



ዝኸበርካ ኣቦ መንበር
ዝኸበርኩም ሚኒስተራት
ዝኸበርኩም ኣመሓደርቲ ዞባታት
ዝኸበርኩም ኣምባሳደራት
ዝኸበርኩም ወከልቲ ኣካላት ሕቡራት ሃገራትን ትካላትን
ዝኸበርኩም ላዕሎዎት ሓለፍቲ ASARECA, VITA, SSG, ICARDAን CIMMYT
ዝኸበርኩም ላዕሎዎት ሓለፍቲ መንግስትን ዲናት ኮሊጃትን
ዝኸበርኹም ኣክብ ደገ ዝመጻእኩም ተሳተፍቲ
ዝኸበርኩም ዕዱማት ኣጋይሽ
ዝከበርክንን ዝኸበርኩምን

ብመጀመርታ፡ ንኹሉኹም ተጋባእቲ፡ ብሕልፊ ኸኣ ነቶም ካብ ደገ ዝመጻእኩም፡ ናብዚ ዝቃናዕ ዘሎ ቀዳማይ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ክብለኩም እፈቱ። እንተኹነ፡ ሎሚ ዓመት፡ "ዓመተ ስድራ ቤት ብልቱግ፡ ዳጉሻ ከምኡ'ውን እቲ ምስኡም ዝዛመድ መሸላ" ስለዝኾነ፡ ብዛዕባኡም ቁሩብ ክብል ኣፍቅዱለይ። ኣብ ኤርትራ፡ እቲ ብዝሰፍሐ ዝዝራእን ዝሃልኽን እኽሊ፡ መሸላ እዩ። ብልቱግን ዳጉሻን'ውን ዝውቱራት እዮም።

እዞም ኣእካል እዚኣቶም፡ ንዘመናት ሕመረት ስልጣነ ወዲ ሰብ ብምዃን፡ ንብዙሓት ኣህዛብ ክምግቡ ጸኒሖም። እዞም ኣእካል፡ ብመኣዛዊ ትሕዝቶኦም፡ ተጻዋርነቶም ንዝተፈላለየ ክሊማ፡ ከምኡ'ውን ምጡን ማይን ካልእ እትዋትን ዝጠልቡ ስለዝኾኑ፡ ዝያዳ ኣገደስቲ ይገብሮም።

ዝኸበርኩም ተሳተፍቲ

ናብዚ ናይ ሎሚ ቴማና ምስ እንምለስ፡ ኣብ ስርናይን ዕፉንን ነተኵር ዘሎና፡ ኣዝዮም ኣገደስቲ ኣእካል ስለዝኾኑ እዮም። እዞም ኣእካል እዚኣቶም፡ ቀንዲ መግቢ፡ ኣብ ኣህጉርና ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ምሉእ ዓለም ናይ ዝነብሩ ሚልዮናት ኣህዛብ እዮም። እዞም ኣእካል እዚኣቶም፡ ኣብ ምርግጋጽ መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘሎዎ መግብን ቁጠባዊ ርግኣትን ዓቢ ተራ ይጻወቱ። ከምኡ ስለዝኾነ ኸኣ ነዞም ኣእካል እዚኣቶም ኣብ ምፍራዮም ይኹን ኣብ ኣጠቓቕማኦም ዘጋጥሙ ብድሆታት ዕድላትን ብግቡእ ክንግንዘቦምን ኣብ ግብሪ ክነውዕሎምን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።



ዝኸበርኩም ተሳተፍቲ

ኣብዚ ዋዕላ'ዚ ነዞም ኣእካል ብብዙሕ ሸነኻት ክንድህስሶም ኢና። ንምዕቡል ኣገባብ ሕርሻ፡ እዋናውያን ቴክኖሎጂ ከምኡ'ውን ምህርቲ ዘዛይዱን ንኣሉታዊ ጽልዋ ኣብ ኣከባቢ ዝንክዩን ቀጻልነት ዘለዎም ኣገባባት ማሕረስ ኣድህቦ ክንገብረሎም ኢና። ብተወሳኺ፡ ንኣጠቓቕማ ስርናይን ዕፉንን ኣብ ዝተፈላለየ መዓላ ማለት ምምስራሕ መግቢ፡ መግቢ እንስሳ ከምኡ'ውን መፍረ ጸዓት ብዝምልከት ጸቒጥና ክንዝቲ ኢና።

ካልእ እንዝትየሉ ኣገዳሲ ዛዕባ፡ ጉዳይ ጽልዋ ክሊማ ኣብዞም ኣእካል እዩ። ክሊማ ናበይ ገጹ ይጕዓዝ ከምዘሎ ብሩህ ስለ ዝኾነ፡ ንዕኡ ዝጻወሩ ዓሌታት ኣእካል ምፍራይ፡ ስርዓተ-

መስኖ ምምሕያሽ ከምኡ'ውን ክሊማ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣገባብ ማሕረስ ምዝውታር ከድሊ'ዩ። ብእንገብሮ ምትሕባብርን ምክፋል ፍልጠትን፡ ከጋጥም ንዝኽእል ሓደጋን ሓደስቲ ብድሆታትን ንምግጣም ክንክእል ኢና።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ዓይነትን መኣዛዊ ትሕዝቶን ስርናይን ዕፉንን ንምምሕያሽ፡ ንምርምር ዓንዲ-ማእከል ክንገብሮ ይግባእ። እዞም ኣእካል እዚኣቶም፡ ነቲ እናዓበየ ዝኸይድ ጠለብ መግቢ ምምላእ ጥራይ ዘይኰነ፡ ጥዕና ህዝቢ ዝሕሉ መኣዛ'ውን ከበርክቱ ኣለዎም። ኣብ ምርምር እኹል ወፍሪ ብምግባር፡ ምእንቲ ጥዑይ ህይወት ወዲ-ሰብ ነዞም ኣእካል ብኣገደስቲ ቪታሚናትን ማዕድናትን ክንድርዖምን ሕጽረት መኣዛታት ከነወግድን ክንክእል ኢና።

ዝከበርኩም ተሳተፍቲ

እቲ ኻልእ እንፍትሾ ጉዳይ ቴክኖሎጂ ኣብ ምዝማን መፍረ ስርናይን ዕፉንን እዩ። ካብ ውሕሉል (Precision) ሕርሻ ጀሚርካ፡ ክሳብ ሰብ-ሰርሖ (ኣርቲፊሻል) ብልሒ (AI) ተክኖሎጂ ኣብ ምምሕያሽ እቶታውነት፡ ምንካይ ብኽነት ጸጋታት፡ ምዝያድ መኽሰብ ሓረስቶት ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ። ኣብዚ ብቕልጡፍ ዝሕምበብ ዘሎ ኣገባብ ማሕረስ፡ ሓረስቶትና ዕዉታት ኰይኖም ንኽወጹ፡ ብዝምዕብሉ ዘለዉ ምህዞታትን ኣገደስቲ መሳርሒታትን ክነዕጥቕምን ከነተርንየምን ይግብኣና።

ብተወሳኺ፡ ንመጻኢ ሕርሻታት ስርናይን ዕፉንን ንንኣሽቱ ሓረስቶት ብሕልፊ ኸኣ ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያትን ከነጎልብት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ናይ ፋይናንስ፡ ስልጠና፡ እዋናዊ ሓበሬታ፡ ዘድልዩ ጸጋታት እንተ ተማሊኡሎም፡ እቶታውነት፡ መነባብሮ ከምኡ'ውን ዝሓሸ ህይወት ከም ዝረጋገጽ ዘጠራጥር ኣይኰነን። እዞም ሓረስቶት እዚኣቶም፡ ዓንዲ-ሕቖ ናይቲ ማሕበረ-ሰብ ገጠር እዮም። ናታቶም ዓወት ከኣ ናይቲ ምሉእ ጽላት፡ ስርናይን ዕፉንን'ዩ።

ነዚ ዋዕላ'ዚ ኣብ እንዛዝመሉ ህሞት፡ ስርናይን ዕፉንን ኣእካል ጥራይ ከምዘይኰነ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ንመነባብሮ፡ ልምድን ባህልን ኣብ መላእ ዓለም ከም ዝውክሉ'ውን ምፍላጥ የድሊ። ቀጻልነት ዘሎዎም ኣገባባት ብምኽታል፡ ምትሕብባርና ብምድልዳል፡ ንውሑስ መጻኢ እቶትን እቶታውነትን ስርናይን ዕፉንን ዘረጋግጽ ዘተኣማምን፡ ጸምባሪ፡ ብልጽግና ዝዓሰሎ መጻኢ ስርናይን ዕፉንን ከነውሕስ ንኽእል ኢና።
ብሓባር፡ ዝኹነ ሰብ ጠምዩ ዘይሓድረሉ ውሕስነት መግቢ ንውሎዶታት ዝረጋገጸሉ፡ ባህሊ መፍረ ስርናይን ዕፉንን ነውሕስ።

ዝኸበርኩም ተሳተፍቲ

ኣብ መእተዊ ከም ዝገለጽክዎ፡ ስርናይን ዕፉንን ካብቶም ኣብ ኤርትራ ብብዝሒ ዝዝውተሩ ኣእካል ኣይኰኑን። እንተኾነ፡ ኣብ መላእ ኤርትራ ብመልክዕ ባንን ቅጫን ዝዝውተሩ ኣገደስቲ ኣእካል እዮም። ሓደ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ነጥቢ ግን ኣሎ። ስርናይን ዕፉንን ደሓን ዝኾነ እቶት ክህቡ — ማለት ብውሑዱ 60 ኩንታል ኣብ ሄክታር — ዋላ ኣብ ግዜ ክራማት ደገፍ መስኖ የድልዮም። ምስኡ'ውን እኹል ባህርያዊ ድዅዕን ዘድሊ ክንክንን የድልዮም።

በዚ ኣጋጣሚ፡ ነቶም ብቐረባ ዝተሓባበሩና ትካላት ከመስግን ኣፍቕዱለይ። ብመጀመርታ ኣብ ምትእትታው ዝተፈላለዩ ዓይነታት ስርናይ ምስ ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ሕርሻዊ ምርምር ኤርትራ (NARI) ብምትሕብባር፡ ኣብ ምስፋሕን ምምዕባል ልዑል ተራ ዝተጻወተ ትካል ምርምር ICARDA፧ ካብዚ ቐጺሉ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት፡ ኣብ ልምዓት ስርናይን ዕፉንን ዝተሓባበረና ትካል ጕጅለ ስርዓተ ዘርኢ ማለት Seed System Group (SSG)፧ ቪታን (VITA) ሃገራዊ ትካሉ EIDPን ኣብ ልምዓት ስርናይ ንዝገብርዎ ኣበርክቶ እውን ልዑል ምስጋና ይብጽሓዮም። ነቲ ባዕልና ንመጀመርታ ግዜ ብኽፍሊ ምርምር ሓልሓለን ኣብነታውያን ሓረስቶትን ዝተዳቐሉ ዕፉን ክነፍሪ ዘድሊ መዳቐሊ ዘበርከተልና ትካል CIMMYT ከኣ ልባዊ ምስጋና እቕርበሉ።

ዝኸበርኩም ተሳተፍቲ

እዚ ናይ መጀመርያ ዋዕላ ስርናይን ዕፉንን ንብሉጻት ተመራመርትን ተመኵሮ ዘሎዎም ሓረስቶትን ኣብ ሓደ መኣዲ ዘሳተፈ እዩ። ኣብ ዝቕጽል ሰለስተ መዓልትታት ከኣ ኣብቶም ዝቐርቡ ወረቓቕትን ዝግበሩ ዑደትን፡ ተመኵሮና፡ ፖሊሲናን ስትራተጂናን ኣብ ምኹላዕ ከም ዝሕግዘና እምነትና እዩ።
ኣብ መወዳእታ፡ ነቶም ነዚ ዋዕላ ዝወደቡን ንሓለፍትን ኣገልግሎት ኣስመራ ፓላስን ስለቲ ብሉጽ ኣወዳድባኦም ብስመይን ብስምኩምን ልዑል ምስጋና እቕርበሎም።

ጽን ኢልኩም ስለ ዝሰማዕኩምኒ ኣመስግነኩም።
On Sep 20, 2023